*ሚኒስተር ብርሃነ ድርብ ሐሞቱ*
*ደም ጥዒምዎ ምሕደራ ሽፋቱ*
*ብግጥሚ ክድግፎ ንሐሳባቱ፣*

*ብርሃነ ኤርትራዊ ወደባት*
*ብቁጠባ ዝተመረቐ ብብቅዓት*
*ኣጋሊጽዎ ንፋሽሽታዊ ስርዓት፣*



*ዝወግሕ መሲልዎ ነሩ ክጽበ*
*ብኣቃላልሳና ስለ ዘይዓገበ*
*መንእሰይ ንሰድ ምስ ኣቃለበ*
*ዝወለደ ክወልድ ሐቂ ዝተዛረበ*
*በደሆ ክብል መጽሐፉ ዘንበበ፣*

*ሐርበኛ ወደባይ ኣብርሀ ብርሃነ*
*ብጉጅለ ኣርዮስ ሰለ ዘይቀሰነ*
*ኣብ ውሽጦም ኮይኑ ጉዶም ዝበተነ፣*

*ንህልቀት ናይ ባድመ*
*ብኣይከሰርናን ምስ ከተመ*
*ብውዲት ጋኔን ሰለ ዝሐመመ፣*

*እወ ሰብ ኣለዋ እዛ ሃገር*
*ሃብቲ ሃገር ዶብ ክሰግር*
*ንጉጅለ ማፍያ ክቁቅጻጸር*
*ንወርቂ ብሻ ንበዓል ክሻ ፈገር፣*

*ዘይከምቶም መልሐሶም ዝዓጸፉ*
*ኣብ ውሽጦም ኮይኑ መጽሐፍ ጽሒፉ*
*ኣጋሊጽዎም ንሃብቲ ሃገር ዝገፈፉ*

ብጅግንነት ታሪኽ ኣማሐላሊፉ፣

ሐርነኛ ናይ ዕድመ በዓል ጸጋ
ህዝቢ ንባኒ እንዳ ተሰርዔ ሪጋ
ዘየፍቀደ ሃገር ክትወርድ ንዕዳጋ፣

ዋላ እኳ ንመጽሐፉ እንተዘይ ኣንበብክዋ
ድርብ ሐሞትን ኤርትራዊ ንያት ስለ ዘለዋ
ንጅግንነቱ ኢለ እየ እዛ ግጥሚ ዝገጠምክዋ
ኤርትራ ብውሽጢ ንያቶም ዘይዓረበ ስለ ኣለወዋ፣

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ« ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና«ስዕረት ንህግደፉዊያን ዓንገልቶምን« ካብ ዉሽጡ ሑሩር«ኣባል ተሐኤ«በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።